# ፍትሒ አውጽአለይ

## ሉቃስ 18፡1-8

ፍትሒ አውጽአለይ ዝብል አርእስቲ ከምዘሎ ክትርእዮ ከሎኻ ነቲ ኣብ ወንጌል እንሰምዖ ብግሩህ መገዲ ርኢና ኣብቲ ፈራዳይ ዝገበሮ ወይ ኣብቲ እታ መበለት ዝገበረቶ ጥራሕ ድሕሪ ኣቶኲርና ብዙሕ ኽንድለና ይኽእል፥ ስለዚ ብኹሉ ሰነኻቱ ክንርእዮ ኣሎና። ፍትሒ ማለት እንታይ ማለት እዩ? ጸገምካ ክፍታሕ እንታይ ትገብር? ሰባት ጸገሞም ክፍትሓሎምከ እንታይ ትገብር? ፍትሒ ክተውጽእ እንታይ ትገብር? ብእምነትና ፍትሒ ዝጎደሎ ፍትሒ ክረክብ እንታይ ኽገብር ይግብኦ። ኣብዛ ምሳሌ እንታይ ንምሃር? እዝን ካልእን ክንርኢ ኢና። መጀመርያ ነቲ ወንጌል ዝብሎ ከምዘሎ ወሲድና ክንርእዮ ጽቡቕ እዩ። ሉቃስ ወንጌላዊ ካብ ካልኦት ዝፈልዮ ነገራት ኣለዎ።

ሉቃስ ሓደ ካብ ካልኦት ወንጌላውያን ወንጌል ጸሎት ብዝብል ይፍለጥ ምኽንያቱ ብዝያዳ ብዛዕባ ጸሎት ዝዛረብ ስለ ዝኾነ። ኣብዛ ዘምበብናያ ኢየሱስ ብምሳሌ ገሩ ጸኒዕና ጸሎት ክንገብር ይነግረና ኵልሳዕ ኪጽልዩ ኽም ዚግብኦም ንኺረእ ብምስላ ተዛረቦም ይብል። እዚ ኣብ መልእኽትታት ጳውሎስ ከም ዓቢ ኣርእስቲ ተወሲዱ ንርእዮ (ሮሜ 1፡10፥ 12፡12፥ ኤፌ. 6፡18፥ ቆላ 1፡3፥ 1ተሰ 7፡17፥ 1ተሰ 1፡11፥ ወዘተ ከምኡ 1ቆሮ 4፡1፡16፥ ገላ 6፡9፥ ኤፌ 3፡13፥ 2ተሰ 3፡13)። ክይደኽምካ ከየቋረጽካ ጸሎት ምግባር የድሊ። ጸሎት ኩሉ ጊዜ እትገብሮ ከም መግቢ ከም ማይ ኣየር ጌርና ኣብ ሕይወትና እንተ ወሰድናዮ ሽው ኢና ቀጺልና ክም ዘድልየና ክንፈልጦ እንኽእል።

ሉቃስ ኣብ ሓንቲ ኸተማ ኣምላኽን ሰብን ዘይፈርሳ ጨካን ፈራዳይ ከም ዝነበረ ከምኡ ሓንቲ መበለት ብቤት ፍርዲ ነገራ ፍትሒ አውጽአለይ እናበለት ኣብ ፈራዳይ ትመላለስ ከም ዝነበረት እሞ ኣብ መጨረሻ ፍርዲ ከም ዝተዋህበ ይነግረና።

መንነት ፈራዳይ ኽገልጽ እንከሎ ጨካን ንኣምላኽ ዘይፈርሕ ንሰብ ዘይሓፍር እናበለ ይገልጾ። ብሓቂ ክትርእዮ ከሎኻ እዚ ሰብ ፈራዳይ ዘይኮነስ ከም ናይ ማንም ሰብ ሕልና ዝነበሮ ኣይመስልን። ንኣምላኽ ዘይፈርሕ ክብል እንከሎ እምነት ዘይብሉ ኣብ ርእሱን ኣብ ፍልጠቱን ሥልጣኑን ዓቕሙን ጥራሕ ዝኣምን ማለት እዩ፥ እዚ ኸአ ጨካን ይገብሮ። ንሰብ ከምኡ ክብሪ ዘይህብ ናይ ሰብ መሰል ዘይሕሉ ከመይ ኢሉ ፍትሒ ከምጽእ ይኽእል። ብዝኾነ ምሳሌ እዩ።

ብሓፈሻ ፍትሒ ከውጽኡ ዝግብኦም፥ መራሕቲ ሃገራ፥ ሃይማኖት፥ ሰብ ስልጣን ፈራዶ፥ ኣብ ዝኾነ ስራሕ ብሓላፍነት ዝሰርሑ ከምኡ ኣብ ስድራ ወይ እውን ብግልና ፍትሒ ክንገብር ከነውጽእ ግዱታት ኢና። ፍትሒ ብውሑዳት ጥራሕ ክትግበር ዘልኦ ኣይ ኮነን። እነ ፍትሒ ኣዘውትርዶ? ኢልና ምስ ርእስና ክንዛረብ ኣሎና። ፍትሒ ክትገብር ተመክሮን ልምምድን የድሊ።

ሉቃስ ወንጌላዊ ኣብ ዘዘንትዎ ምሳሌ እምብኣር ክልተ ብፍሉይ ዝርአዩ ተዋእሳእቲ ኣለዉ ኣብ ዘዘንትዎ ምሳሌ።

1. እቲ ፈራዳይ፥ ብልሽው ኣምላኽን ሰብን ዘይፈርሳ ዝነበረ። ብንጹር ኣይሁዳዊ ኣይ ኮነን። ኩሎም ኣብ ህዝቢ ኣይሁድ ዝገጥሙ ነገራት ኣብ ባይቶ ዓድን መራሕትን እዮም ዝውሰዱ እምበር ጨሪሾም ኣብ ቤት ፍርዲ ኣይከዱን እዮም። ኣብ ሕጊ ኣይሁድ ሓደ ሰብ ነገር እንተተገበረ ነገሩ ኣብ Jury ብሃንደብ ኣብ ዝተመርጹ ሰባት ይውሰድ እምበር ኣብ ናይ ሓደ ሰብ ፍርዲ ኣይከዱን እዮም። ኹሉ ጊዜ ሰለስተ ፈራዶ ኣለዉ ሓደ በቲ ብዓል ሥልጣን ዝተመርጸ፥ ካልኣይ ብተኸሳሲ፥ ሳልሳይ ክኣብ ብነጻ ዝተመርጸ።

እዚ ፈራዳይ ካብቶም ዝኸፈሉ ፈራዶ እዩ ነሩ፥ ዝተመረጸ ኸአ ብሄሮዱስ ወይ ብሮማውያን እዩ ተመሪጹ። ከምዞም ዝአመሰሉ ደያኑ ጨካናት ዘስካሕክሑ እዮም። ሉቃስ ንአምላኽ ዘይፈርሕ ንሰብ ድማ ዘይኃፍር እናበለ ይገልጾ። ተኸሳሲ ጽልዋ ወይ ገንዝብ ግቦ ሂብካ እንተ ዘይኮነ ነገርካ ክውዳእ አይ ክእልን እዩ። እዞም ከምዚኦም ዝአመሰሉ ፈራዶ ምሳሕ እንተ ኣብላዕካ እውን ንፍርዲ ዝቕይሩ እዮም። ሕዝቢ ወላ በቲ ስሞም እዩ ዘላግጸሎም ነሩ ናይ መቕጸዕቲ ፈራዶ ይብሎም።

2. እታ መበለት፥ ሓደ ጸግዒ ዘይብላ፥ ካብ ኩሉ እተደንግጽ አብ ሕብረተሰብ ወላ ሓደ ዘየድህበላ ንጽልቲ ዝነበረት እያ። ብዓል ቤታ ዝሞታ ካልአይ ክትምርዖ ብዙሕ ዕድለ ዘይብላ፥ ስድርአን ስድራ ሰብአያን ከይተረፉ ዘይሕግዝዋ ወላ ሓደ እትጽግዖ ዘይብላ ጽግምቲ ሰብ እያ ነራ። ንሳ አምሳል ናይ እቶም ኩሎም ድኻታትን ዝከላኸለሎም ዘይብሎም እያ። ንሳ ዝኾነ ገንዘብ ወይ አታዊ ዘይብላ ካብ ከምዚኦም ዝአመሰሉ ዳኛታት ፍትሒ ክትረክብ እያ ኢልካ ምሕሳብ ዘይክአል እዩ። ግን ሓንቲ መሳርያ ነራታ ቀጺላ አብቲ ፈራዳይ ከይዳ ምልማን። እዚ ዳኛ አብ መጨረሻ ዝፈርሖ ኣካላዊ ጉድአት እዩ ማለት ቅሳነት ከሊአትኒ፥ ንግሆ ንግሆ ፍትሒ አውጽአለይ ብምባላ ዕረፍቲ ከሊአትኒ፥ ስለዚ ፍትሒ ከውጽኣላ ኢሉ ወሲኑ። ተመላሊሳ ምምጽአ ፍትሒ ከም እትረክብ ገርዋ። እዚ አምሳል እቲ ደጋጊምና እንገብሮ ጸሎት እዩ።

እዛ ምሳሌ ብኻልእ መልክዕ ከምታ ሓደ ሰብ ብለይቲ አብ ዓርኩ ከይዱ እንጌራ ክህቦ ዝለመን እትመሳሰል እያ (ሉቃስ 11፡5-13)። አብዛ ምሳሌ ክነስተውዕለሉ ዘሎና ንአምላኽ ምስ እዚ ዘይቅኑዕ ፈራዳይ አየመሳስሎን እዩ ዘሎ እንታይድአ የነጻጽር እዩ ዘሎ። ዓመጸኛ ፈራዲ አብ መጨረሻ ነዛ መበለት ከምዚ ዝገብር ካብ ኮነስ አምላኽዶ ግዳ ነቶም ለይትን መዓልትን ናብኡ ዚምህለሉ ኅሩያቱ ፍትሒ ኼየውጽአሎም ዚድንጒዮም ይመስለኩም ይብሎም። አምላኽ ነቶም ብልቢ ዝልምንዎ ነቲ ዝለመንዎ ጽቡቕ ነገር ክህቦም እዩ።

እዚ ሓቂ እዩ ንዝለመናዮ ክንረክብ አሎና ኢልና ክንሓስብ ዝኾነ ምኽንያት የብልናን፥ ምኽንያቱ ዝለመናዮ ኩሉ ጸቡቕ እዩ ማለት ኣይኮነን ወይ አውንታዊ መልሲ ንረክብ ማለት አይኮነን ከምኡ ክንብል አይክአልን። አብ ስድራ እንተ ረአና ብዙሕ ጊዜ አቦ ናይ ውሉዱ ሕቶ አብ ገለ እዋን ይነጽጎ እዩ ምኽንያቱ እቲ ውሉድ ዝሓቶ አብ ክንዲ ዝጠቕሞ ዝጎድኦ ከምዝኾነ ስለ ዝፈልጥ። ንሕና አሸንኳይ ንዝመጽእ ሶምን ወይ ወርኂ ወይ ዓመት አብዛ እትመጽእ ሰዓት እውን እንታይ ከምዝኸውን ዘይንፈልጥ ከመይ ገርና አምላኽ ዘይሰምዓኒ ዝለመንክዎ ዘይገበረለይ ክንብል ንኽእል። እግዚአብሔር ጥራሕ እዩ ንጊዜ ብምልኡ ክርኢ ዝኽእል አብኡ ትማሊ ሎሚ ጽባሕ ዝብሃል የለን ንሱ ብርእሱ ህላዌ ልዕሊ ጊዜን ቦታን እዩ። እግዚአብሔር ጥራሕ እዩ ነቲ ጽቡቕ አቐዲሙ ዝፈልጥ። በዚ ምኽንያት ኢዩ ኢየሱስ አብ ጸሎት ክንደክም ከምዘይብልና ዝነገረና። በዚ ምኽንያት እዩ ክሳብ ዳግማይ ምጽአት ወዲ ሰብ ብእምነት ክንጽበ ዘሎና። ጸሎትና አብ ቅድሚ አምላኽ ድሕሪ አዕሪግና ዘፍርሕ ወላ ሓንቲ የብልና።

ኢየሱስ አምላኽ ነቶም ብልቢ ዝለመንዎ ከምዝህቦም ምስ ገለጸ ሓደ በዳሂ ሓሳብ አቕሪቡ ወዲ ሰብ ምስ መጸ እምበርዶ አብ ምድሪ እምነት ኪረክብ እዩ? ናይ ስደት ጊዜ ይመጽእ አሎ፥ እዚ ወንጌል ክጽሓፍ እንከሎ አብ ገለ ቦታታት ጀሚሩ ነሩ። ገለ ካብቶም አመንቲ ድሮ በቲ ዝወረዶም ካብ እምነቶም ዘምቢሎም ነሮም። ብጸሎት ምስ አምላኽ አብቲ እዋን ስቓዮም ክርከቡ አይክአሉን። አብ ጽንኩር ኩነታት እምነቶም ዝሓድጉ ብዙሓት እዮም። እዛ መበለት እቲ እትደልዮ ጽቡቕ ገር ስለ እትፈልጥ ዝነበረት ፍትሒ ከውጽአለ ደፊራ ተመላሊሳ ወላ እኳ ኩነታት ፈራዳይ ትፈልጦ ትንበር። ንአአ ወሪድዋ ዘሎ ዓመጽ እዩ ዝግድሳ ካብኡ ከመይ ኢላ ከም እትወጽእ እዩ አድህቦአ።

ኩሉ ሰላም ሰናይ እንከሎ ምጽላይ ቀሊል እዩ፥ ኣብ ጊዜ ጸበባን ስቓይን ኣብቲ ብሓቂ ጸጋ ሓገዝ ዘድልየና እዋን፥ ኣብቲ ብርቱዕ ፈተና እምነት ኣብ ዝገጠመና ሽዑ ብዝያዳ ክንጽሊ ይግብኣና። ነቲ ብግድን ዘድልየና ኢልና እንኣምኖ ክንምን ወይ ክንሓትት ክንፈርህ የብልናን።

ኣብዚ ምሳሌ ብቀዳምነት ክንሓስቦ ዘሎና ነቲ ኢየሱስ ክብሎ ዝደለ ርኢና ክንክእል ኣሎና፥ በዚአ ምሳሌ ሓደ ነገር ክምህረና ደልዩ እዩ። ኢየሱስ ተስፋ ከይቆረጹ ክጽልዩ ከምዝግብኦም ከረድኦም ኢሉ እዩ ነዛ ምሳሌ ዝነገሮም። ብዝያዳ ኽግንዘብዎ ኢሉ ብምሳሌ ነጊርዎም። ሰባት ነገራት ክርድኣና ብምሳሌ ክሽውን እንከሎ ቀልጢፍና ንርድኦ። ምሳሌ ናታን ነብይን ዳዊት ንጉሥን ክንርኢ ንኽእል (2ሳሙኤል 12፡)።

**ፍርዲ ፍትሒ** ዝብል ኣብ ዘመን ኢየሱስ ካብቶም ሕይወት ሰባት ኣድለይቲ ነሮም ሎሚ እዋን ኣብ ዘሎናዮ ዘመን ቀንድን ኣድለይትን ከም ዝኾኑ እዋና ይነግረና። ኣብያተ ፍርድታት ምንጪ ርትዕቅን ሓቅን ኮይነን ሰብ ምሉእ መሰል ረኺብለን ምስ ርእሱን ሕብረተሰቡን ክንብርኦ ይግባእ ነሩ። እንተኾነ መብዝሕትኦም ኣብያተ ፍርዲ ዓለምና ካብዚ ኣብ ወንጌል ተጠቒሱ ዘሎ ኣይፍለያን እየን። ብዙሓት ፈራዶ፥ መራሕቲ ሃገር ሰባት ክሞቱ ክሳቐዩ ክርእዩ ከለዉ ወላ ሓንቲ ኣይስምዖምን እዚ ኸኣ እዩ ንዓለምና ፍትሒ ኣርሒቕላ ዘሎ። ሰብ ኽመውት ክስደት ኽግፋዕ ክዋርድ እንርእዮ ዘሎና ሓቂ እዩ።

በዚ እያ ቤተ ክርስትያን ምእንቲ ኩሎም መራሕትና ክንጽሊ እትደልየና። መራሕቲ ኣብ ሥልጣን ዘለዉ በቲ ዘለዎም ሥልጣን ፍትሒ ሰላም ፍቕሪ ከምጽኡ እንተ ዘይክኢሎም ወዲ ሰብ ኣብ ሁከት ንፍትሒ ጾሚእዋ ክዋረድ ክሳቐ ይነብር። ናይ መራሕቲ ጥዕና ምስቲ ናህዝቢ ጥዕና ዝተኣሳሰረ እዩ፥ ህዝብውን ተራ ኣለዎ። ንዝጋገ ፈራዳይ መራሒ ፍትሒ ኣውጽኣልና ክንብሎ ክመሰልና እዩ። ግቦን ካልእ ምጥፍፋእን ክግበር እንከሎ ፍትሒ እናሓቐቐት ስለ እትኽይድ ኣንጻር ዓመጽን ፍትሒ ኣልቦን ደው ክንብል ኣሎና።

ኣብ ገለ እዋን ንሕና እውን ፍትሒ ከይወጽእ እንተሓባበረሉ እዋን ኣሎ። ንሓቂ ፈሪሕና፥ እንታይ ገደሰኒ ኢልና ወይ እውን ምስቲ ፍትሒ ዘየውጽእ ብምትሕብባር ንፍትሒ ነጥፍአ ንኽእል ኢና። ገፋዕቲ ፍትሒ ዘጥፍኡ ንበይኖም ኣይ ኮኑን ዝዓዩ መሓውርን ተሓባበርትን ኣለውዎም በብጀረድኦም።

ሰብ ፍትሒ ምስ ሰኣነ ግፍዒ ምስ በዝሖ ፍታሕ ደልዩ ኣብ ሕጊ ይኸይድ። ሕጊ ንኹሉ ብማዕረ ዝርኢ ስለ ዝኾነ ብሕጊ ዝተፈርደ ይጻድቕ ነገር ይዓርፍ። ሰባት ፍትሒ እንተ ዘይረከቡ ሕጊ እንተ ተጣዕሰ ፍትሒ ክሳብ ዝረኽቡ ዝተፈላለየ ጥበብ ፍትሒ ዘምጽኦሎም የናድዩ። እዚ ብግልን ብሓባርን ክንገብሮ ንኽእል። ኣብ ሃገር እንተ መጻእና ፍትሒ ኽጎድል እንከሎ ዓመጽ፥ ገድሊ፥ ሰላማዊ ሰልፊ፥ ኣድማ ዝኣመሰሉ ይገብሩ። ክሳብ ፍታሕ ሓቂ ዝወጽእ ይቃለሱ። ብግላዊ መገዲ እንተ ኾነ ኣብ ቤት ፍርዲ ይመላለሱ፥ ጉቦ ይህቡ፥ ካልእ ዝተፈላለየ ይገብሩ።

እዛ መበለት ፍትሒ ክትረክብ ዝመረጸቶ መገዲ ንግሆ ንግሆ ኣብቲ ጨካን ፈራዲ ከይዳ ምልማን እዩ፥ ብርግጽ እቲ ፈራዲ እናክርእያ ይጸልኣ ይሰኣ የፈራርሓ ከም ዝነበረ ርዱእ እዩ፥ ንሳ ግን ተስፋ ከይቆረጸት ትመላለስ ነራ። ትጽገም ኣይነበረትን ማለት ኣይኮነ የግዳስ ነቲ ዝዓበየ ፍታሕ ትደሊ ስለ ዝነበረት ነቲ ዝጓነፋ ሽግር ትሓልፎ ነራ፥ ቀጺላ ትልምን ትመጽእ ነራ።

ምምልላስ እዛ መበለት ነቲ ንሕና ካብ ኣምላኽ እንደልዮ ምእንቲ ክንረክብ ንገብሮ መርኃ ወይ መገዲ እዩ። እትደልዮ ክትረክብ ክትሓልፎ ዘሎካ ነገራት ኣሎ። ደጋጊምካ ምሕታት የድሊ። እዚ ኸኣ እቲ ጸሎት እንብሎ እዩ። ጸሎት ልመና ብተደጋጋሚ ኽግበር ዘለዎ እዩ። ጸሎት ማለት እንታይ ማለት እዩ።

ጸሎት ማለት ምሉእ ኩልንትናኻ ኣብ ኣምላኽ ምዕራግ እዩ። ኣብዛ ምሳሌ ኢየሱስ ቀጺልካ ምልማን ከም ዘድሊ ገሊጹ። ጸሎት ቀጻሊ ክሽውን እንከሎ ጥራሕ እዩ ኣብ ድላይናን ድላይ ኣምላኽን ዘብጽሓን በዚከስ ከይደኽምና ክንጽሊ ድላይ ኣምላኽ እዩ።

ኣብዛ ምሳሌ መሰረት ገርና ክንርእዮ ከሎና ጸሎት በዚ ዝስዕብ ክንርእዮ ንኽእል። ኵሉ ጊዜ ከየቋረጽና ክንጽሊ ይግብኣና።

ስለምንታይ?

1. ልዕሊ ኩሉን ቅድሚ ኹሉን ክንጽሊ ኣሎና፥ ምኽንያቱ ኣመንቲ ኢና። ጸሎት ብሓቂ ክንርእዮ ከሎና ንድሩትነትና ጽግዐኛታት ምዃና ምልላይ እዩ። ዝጽሊ ዝልምን ዝጎደለ ጥራሕ እዩ፥ ንሕና ጎደሎ ፍጥረት ኢና። ካብ ኣምላኽ መጺእና ናይ ኣምላኽ ኢና፥ ኣብ ኣምላኽ ከአ ንምለስ። ስለዚ ካብ ኣምላኽ ክንፍለ ወይ ብዘይ ኣምላኽ ክነብር ተፈጥሮና ኣይ ኮነን። ብሕጊ ኣምላኽ ምስኡ ክነብር እዩ ነሩ ተፈጥሮና ግን ሰብ ካልእ ካብ ኣምላኽ ዝፈልዮ መገዲ መሪጹ፥ በዚ ኣብ ስቓይ ይነብር፥ ካብ ኣምላኽ ስለ ዝወጻዕና ዕረፍቲ የብልናን ኣብ ኣምላኽናን ፈጣሪናን ብምሉእ እምነት ክንምለሶ ናቱ ክንከውን ክንጽሊ ኣሎና። ጸሎት መጀመርያ ናይ ኣእምሮ ሥራሕ እዩ፥ ናይ ትሕትናን ምስጋናን ስምዒት፥ ዝንባሌ እምነትን ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ኣምላኽ ኣብቲ ሕይወት ካብ ፍቕሪ ተላዒሉ ንዝሃበና ኣብ ትሕቲኡ ምዃን ማለት እዩ። ጸሎት ምስጢራዊ እዩ፥ ግን ሓቀኛ ተዋስኦ ምስ ኣምላኽ፥ ተዋስኦ ምሉእ እምነትን ፍቕርን እዩ።
2. ክርስትያን ኢና ስለዚ ከም ክርስትያን ክንጽሊ ኣሎና። ምእንቲ ፍሉይ ነገር ንውሽጣውን ግዳማውን ባህርና ዝቕይር። ክርስትያን ረድኢ ኢየሱስ እዩ፥ ንሱ ብሓቂ ዝኣምን ኢየሱስ ቃል ሥጋ ዝኾነ፥ ወዲ ኣምላኽ ኣብዚ ዓለም ኣብ ማእከልና ዝኃደረ ምዃኑ ዝኣምን እዩ። ከም ሰብ ሕይወት ኢየሱስ ቀጻሊ ጸሎት፥ ቀጻሊ ተግባር ኣምላኾን ፍቕሪ ሰማያዊ ኣቦን እዩ። ዝለዓለ መግለጺ ጸሎት መስዋዕቲ እዩ፥ ነዚ ኣብ መስዋዕቲ ኣብ መስቀል ምስ ተቐበለ ፈጺምዎ ብቅዱስ ቊርባን ገሩ ኸአ ይቕጽሎ ኣሎ። ስለዚ ክርስትያን ጸሎቱ እቲ ናይ ኢየሱስ እዩ፥ ኩሉ ዝገብሮ ጸሎት ካብ ኢየሱስ ይጅምር፥ ንሱ እዩ ኣባና ምሳና ምእንታና ዝጽሊ። ኩሎም እቶም ኣብ ኣምላኽ ዝኣምኑ ይጽልዩ ክርስትያናዊ ጸሎት ግን ኣብ ኢየሱስ ክርስቶስ እዩ፥ ክርስቶስ ጸሎትና እዩ።
3. ኣብ መጨረሻ ክንጽሊ ኣሎና ምኽንያቱ ዓቕሚ ዘይብልና በደለኛታትን ኢና። ትሕትና ገርና ንሕቂ ርኢና ድኹማት ፍጥረት ብሓሳብ ዝተደናገርና፥ ብኽፉእ እንፍተን ከምዝኾነ ክነለሊ ኣሎና። ጸሎት ሓይሊ ሂቡ ንዝበለጹ ነገራት ክንገብር፥ እምነት ክነጽንዕ፥ ፍቕሪ ንጽሕናን ሕያውነትና ከም እነጥሪ ይገብር። ጸሎት ትብዓት ሂቡ ካብቲ ተጠራጠርትን ፈርሓትን ናብ እሙናት ይልውጠና። ጸሎት ክንርኢ ብርሃን ይህበና እሞ ክንከዶ ዝግብኣና ይሕብረና ነቲ ብኢየሱስ ክርስቶስ ዝተገብረልና ናይ ድሕነት ስራሕ ከም እንርኢ ይገብረና። ስለዚ ካብ ምፍላይ ደው ክንብል የብልናን፥ ጸሎት ከይገበርና ወላ ሓንቲ መዓልቲ ክትሓልፈና የብላን። ጸሎት ግቡእ እዩ፥ ከምኡ ዓቢ ሓጎስ ምኽንያቱ ተዋስኦ ምስ ኣምላኽ ብኢየሱስ ክርስቶስ ስለ ዝኾነ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰንበት ቅዳሴ ክንሰምዕ እንተ ተኻእለ ከአ መዓ፤ታዊ ቅዳሴ ክንሰምዕ ይግባእ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዕለት ናይ ንጋሆን ምሸትን ጸሎት ክነዘውትር ከምኡ ኣብ ዝጠዓመና ጊዜ ክንጽሊ ይግብኣና (ቅ. ዮሓንስ ጳውሎስ ፪ይ ምስ መንእሰያት ኣብ ዝገበርዎ ኣስተምህሮ 14 መጋቢት 1979)።

ኢየሱስ ኣብ ትምህርቱ ቀጺልና ክንጽሊ ከምኡ እናጸለና እንከሎና ኣብ እምነትና ክንጸንዕ ይነግረና። ቅ. ጳውሎስ እውን ንሰብ ተሰሎንቄ ኵልሳዕ ተሓጎሱ ከየቋረጽኩም ጸልዩ (1ተሰ 5፡16-17) እናበለ ጸሎት ኩሉ ጊዜ ክንገብር ከምዘሎና ይነግረና። ቅ. ኣጎስጢኖስ ምእንቲ ክንጽሊ ንኣምን፥ እምነትና ከይደክም ንጸሊ። እምነት ንጸሎት የበግሶ ሽዑ እምነት ምስ ዓበየ ይጸንዕ ይብል (Sermon, 115).

ጎ.ኢ.ክ. ንሓዋርያቱ ብኣኣም ኣቢሉ ኸአ ንቤተ ክርስትያኑ ክሳ መወዳእታ ዓለም ኵሉ መዓልቲ ምሳኻትኩም እየ እናበለ ተዛረቦም (ማቴ 28፡20)። ስለዚ ቤተ ክርስትያን ካብቲ ሓቂ ክትወጽእ ኣይትኽእልን እያ ምኽንያቱ መንፈስ ቅዱስ ምስኣ ኣሎ። ግን ብግልና ነፍስወከፍ እሙን ኮይኑ ኣይነብርን እዩ፥ ገለ ንእምነቶም ሕቝኣም ሂቦም ኣብ ዝጥዕሞም ክኸዱ እዮም። እዚ ሎሚ ብቐሊል ኣብ ሕይወት ብዙሓት መንእሰያት እንርእዮ ዘሎና እዩ። ነቲ ሓቀኛ እምነቶም ሓዲጎም ማንም ሓለፍቲ መገዲ ንኢየሱስ ረኺብናዮ ብስም በልዎም ንእምነቶም ሓዲጎም ኣብ ዓጀውጀው ዝነብሩ ኣይውሓዱን። ንኸምዚ ዝኣመሰለ ምስጢር እዩ ቅ. ጳውሎስ ክሕደት እናበለ ዝገልጾ (2ተሰ 2፡3)። ኢየሱስ እውን ኣብ ካልእ ኣጋጣሚታት ከም ዝበሎ ብሰንኪ ብዝኂ ኽፍኣት ከአ ፍቕሪ ብዙኃት ክትዝሕል እያ። እቲ ኽሳዕ መወዳእታ ዚዕገስ ግና ንሱ ኺድኅን እዩ (ማቴ 24፡12-13)። በዚ መገዲ ጎይታና ኩሉ ጊዜ ክንጥንቀቕ ኩሉ ጊዜ ንቑሓት ክንከውን ኣብ እምነትና ክንጸንዕ ከምኡ ወላ እኳ ብዙሓት ካብ ጸሎት ብዙሓት እንተ ርሓቑ ከይደኸምና ክንጽሊ ኣሎና።

ኣምላኽ ብኣና ዝግደስ ካብ ኮነ ዘድልየና ኩሉ ዝፈልጥ ካብ ኮነ ስለምንታይ ክንጽሊ ንሕተት? እንጽልዮ ምእንቲ ርእስና እምበር ንእኡ ኢልና ኣይኮናን፥ እዚ ኽንገብር እንከሎና ብባዕልና ሓንቲ ክንገብር ከምዘይንኽእል ንእመን ኣሎና።

ካልኣይ መጠን ዝጸለናሉ ኣብ ኣምላኽ ብዝያዳ ንቐርብ። ክንጽሊ እንከሎና ቀስ ብቐስ እቲ እንልምኖ ዘሎና ይቕየር። ብርግጽ ኣብ መጨረሻ እንደልዮ እቲ ዘድልየና እዩ። እቲ ዘድልየና ኸአ ኣተሓሳስባና ወይ ሕልታትና፥ ትምኒታትና ብምልኡ ኣብቲ ኣምላኽ ዝደልዮ ሓደ ክኾኑ፥ ንነገራት ከምቲ እግዚኣብሔር ዝርእዮ ርኢና ክንክእል እዩ።

እቲ ጸገም ከምቲ ኢየሱስ ዝብሎ ክንደይ ሰባት እዮም ኣብ ዳግማይ ምጽኣቱ ነዚ እናገበሩ ዝርከቡ። ክንደይ ጊዜ እጽሊ? ክሳብ ክንደይ ጸኒዐ እልምን? እንታይ እልምን? ብሓቂ ዘድልየኒ እንታይ እዩ? ኣብ መንጎ ዝደልዮን ዘድልየኒን ፈላልየ ክርኢ እኽእልዶ? ኣብ ፈቃርን ሓልዮትን ኣምላኽ ብሓቂዶ እምነትን ተስፋን ኣሎኒ? ነዝን ካልእ ክንምልስ እንተ ኽኢልና ክንጽሊ ኢና።

ከምዛ መበለት ኣብ ቤት ኣምላኽ ኣብ ምሕረቱ ክንመላለ ኣሎና እዚ ኸአ ንኣና ክጥዕመና። ጸሎት ዘይገብር ኣብ ኣምላኽ ዘይመላለስ ንሰይጣን ንግጉይ እምነት ኣፍደጊ እዩ ዝኸፍት። ስለዚ ከይደኸምና ጸሎት ንግበር። ንሓውናን ሓፍትናን ከይንገፍዕ ፍትሒ ከይነጥፍ ከምኡ ንፍትሒ ዘጥፍኡ ክንቃወሞም ይግባእ።

ፍትሒ ዕለት ዕለት ኣብ ነፍስኻ፥ ስድራኻ ሓዳርካ ቤተ ክርስትያንካ ሃገርካ ኮታስ ኣብ ኩሉ ክትርከብ ዘልአ እያ፥ ስለዚ ጸጋን ሓይልን ክህበና ንኣቦ ፍትሒ ኣምላኽ ሓግዘና ንበሎ።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ